# መድሕን ጥዕና ኣገልግሎት ንኹሉ ሰብ

ኣብ ዋሽንግተን ዝቕመጥ ዝኾነ ሰብ ኩነታት ስደቱ ብዘየገድስ፣ ናይ ጥዕንኡን ግልጋሎት ሕክምና ስኒን መድሕን ኣገልግሎት ክረክብ ይኽእል እዩ።

## ንምምልካት ዝግበሩ ስጉምትታት

- ### ሓበሬታኹም ኣክቡ
  [መመልከቲ ዝርዝር]። ንምምልካት እንተደሊኹም ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት ኣየድለኩሙን እዩ።
- ### ሓገዝ ርኸቡ
  ንሓደ [ኣሰላሳይ (navigator)] ርኸቡ ወይ ድማ ነቲ ናይ ደገፍ ማእከል ተገልገልቲ (Customer Support Center) ተወከሱ፦ [1-855-923-4633] TTY/TDD: [1-855-627-9604]
- ### መመልከቲ ምልኡ
  ንመድሕን ብኦንላይን ወይ ድማ ምስ ሓደ መራሒ ብኣካል ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

Washington Healthplanfinder ነቲ ናይ ፌደራላውን መንግስታውን ፕሮግራማት ዘለኩም ብቑዕነት፣ WA Health Path ከምኡ'ውን ቁጠባታት ይምርምር። ውጽኢትኩም ምስ ረኸብኩም፣ ሓደ ውጥን ንምምራጽን ንምምዝጋብን ነቲ ኣብ መርኣያ ዝወጽእ መምርሒታት ተኸተሉ።

## ዋጋ ኣገልግሎት መድሕን ጥዕና ክንደይ እዩ?

ዋጋ መድሕን፣ ኣታዊኹም፣ ዓቐን ስድራቤትኩም፣ ከምኡ'ውን ኣበይ ከም እትነብሩ ሓዊሱ ኣብ ብዙሓት ረቛሒታት ኣብ ዝተመርኮሰ እዩ። ገሊኦም ሰባት ነቲ ወርሓዊ ወጻኢታት ዘጉድሉ መደባት ይበቕዑ። ሓደ መራሒ፣ ንኣኹም ዝበቅዑ ፕሮግራማት እንተደኣ ሃልዮምን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ክንደይ ክትከፍሉ ከም ዘለኩምን ንኽትርድኡ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። Cascade Care ውጥናት መብዛሕትኡ ግዜ በቲ እትኸፍልዎ ገንዘብ ዝበለጸ ሽፋን ይህቡ።

## እቲ ዝህቦ ሓበሬታ ምስጢሩ ዝተሓለወ ድዩ?

ድሕንነትኩም ንዓና ኣገዳሲ እዩ። ሓበሬታኹም ዝጥቀሙሉ፣ ነቶም ንኣኹም ዝበቅዑ ናይ መድሕን ውጥናትን ቁጠባታትን ንምርካብ ጥራይ እዩ። Washington Healthplanfinder ነቶም ብፌደራል ዝተፈልጠ ናይ ምስዳድ ኩነታ ዘይብሎም ሰባት ዝምልከት ሓበሬታ ንኻልእ ኣካል ኣይሰጋግርን እዩ።

ኣብ Apple Health (Medicaid) እንተደኣ ተመዝጊብኩም፣ ሓበሬታኹም ብበዓል መዚ ክንክን ጥዕና (Health Care Authority, HCA) እዩ ዝተሓዝ። ብዛዕባ ናይ HCA ኣሰራርሓ ብሕታዊነት ሓበሬታ ዝምልከት፣ ተወሳኺ ኣንብቡ።

## ናይ ቀረባ ግዜ ምምሕያሻት

ንሕና ፌደራላዊ ለውጥታት ንከታተል ኢና፣ Washington Healthplanfinder ድማ ንመድሕንኩም ወይ ቁጠባታትኩም ዝጸሉ ዝኾነ ነገር ከፍልጠኩም እዩ።

ኣብ ዋሽንግተን ዝቕመጥ ዝኾነ ሰብ፣ Deferred Action for Childhood Arrivals (DACA) ተቐበልቲ DACA ከምኡ'ውን "federally recognized immigration status" (ብፌደራል ዝተፈልጠ ናይ ምስዳድ ኩነታ) ዘይብሎም ሰባት ሓዊሱ፣ Washington Healthplanfinder ብምጥቃም ናይ ጥዕናን ስነ-ኣስናንን መድሕን ክረክብ ይኽእል እዩ።

ብሰንኪ ፌደራላዊ ለውጥታት፣ ተቐበልቲ DACA ኣብቲ ናይ መመልከቲኦም፣ '"lawfully present" (ብሕጊ ፍቓድ ዘለዎም)' ድዮም ተባሂሎም ክሕተቱ ከለዉ፣ '"No" (ኣይኮንኩን)' ኢሎም ክምልሱ ኣለዎም።

## ናይ ትልምን መደባትን ሓበሬታ

መድሕን ንኽትረኽቡ ዝሕግዙ እተፈላለዩ ውጥናትን ፕሮግራማትን ኣለዉ። ብዛዕባ'ቶም ዘለዉ ኣማራጺታት ንምፍላጥ፣ መመልከቲ ምምላእ ጀምሩ።

> ብቋንቋኹም ዘይርከብ ሓበሬታ ዝሓዙ መላግቦታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ብቋንቋኹም ሓገዝ ንምርካብ፣ ንሓደ መራሒ ወይ ነቲ ናይ ደገፍ ማእከል ተገልገልቲ (Customer Support Center) ተወከሱ።
> 1-855-923-4633
> TTY/TDD: 1-855-627-9604
> ብልዕሊ 200 ቋንቋታት ዝርከበሉ ሓገዝ ይርከብ።

## Cascade Care

Cascade Care ውጥናት ብመንገዲ Washington Healthplanfinder ጥራይ እዮም ዝርከቡ። እዞም ውጥናት እዚኦም ነቶም ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት ዝያዳ ቅሩብ ዋጋ ኣለዎም።

- Cascade Care
- Cascade Care Savings

## ናይ ታክስ ቅናሽ (Tax credits)

ናይ ታክስ ቅናሽ፣ ነቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ንናይ ጥዕና ውጥንኩም እትኸፍልዎ መጠን ገንዘብ ይቕንሶ እዩ። እዚኦም ብመንግስቲ ዝኽፈሉ ኮይኖም፣ ኣብቲ ናይ ጥዕና ውጥንኩም ዝርከብ ወርሓዊ ክፍሊት ይውዕሉ። ናይ ታክስ ቅናሽ፣ ነቶም ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት ብመንገዲ Washington Healthplanfinder ጥራይ እዩ ዝርከብ።

- ናይ ታክስ ቅናሽ

## Apple Health

Apple Health ንነፍሰ-ጾራት፣ ህጻናትን ዓበይትን፣ ንስሩዕ ናይ ሓኪም ምብጻሕ፣ ከምኡ'ውን ንኣገልግሎታት ህጹጽ ክፍሊ ሕክምና፣ ብነጻ ወይ ብትሑት ዋጋ ኣገልግሎት ይህብ። Apple Health ኣብ ዋሽንግተን፣ ስም ናይ Medicaid እውን እዩ። እዞም ዝስዕቡ፣ ንኣኹምን ንስድራቤትኩምን ዝበቅዑ ገለ ካብቶም ፕሮግራማት እዮም፣ ገለ ካብ ስማት ንመረዳእታኹም ብእንግሊዝኛን ብቋንቋኹምን ተዋሂቡ ኣሎ፥

- Apple Health (PDF)
- Apple Health for Kids
- Apple Health for Pregnant Individuals
- ድሕሪ ጥንሲ ዝሁሉ ናይ ሕክምና ወጻኢ ምሽፋን / After-Pregnancy Coverage (PDF)
- ምስፍሕፋሕ ኣገልግሎት ኣብ ዋሺንግቶን ምሉእ ሽፋን ጥዕና ዝህብ / Apple Health Expansion (PDF)

## ካልኦት ዘለዉ ፕሮግራማት

ኩነታትኩም ብዘየገድስ፣ ንኣኹምን ንስድራቤትኩምን ክሕግዙ ዝኽእሉ ተወሳኺ ፕሮግራማት ኣለዉ እዮም።

- ውጥን ስድራቤት ጥራይ / Family Planning Only (PDF)
- ኣገልግሎታት ሕክምናዊ ክንክን / Medical Care Services
- ህጹጽ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንዜጋታት ወጻኢ / Alien Emergency Medical

## ፍልፍላት

- ብዛዕባ ተቐባልነት ዘለዎም ሰነዳትን ከመይ ጌርኹም ከም እተእትዎምን ዝያዳ ፍለጡ።
- ንመድሕን ጥዕናን ስኑ-ኣስናንን ንምምልካት ብዛዕባ ዘለዉ ስጉምትታት ዝያዳ ፍለጡ።
- ብዛዕባ ናይ ቋንቋ ደገፍ ምርካብን እተተርጎሙ ጽሑፋት ምርካብን ዝያዳ ፍለጡ።